UK Health Security Agency


NHS

# ኤም ኤም ኣር

ንፍዮ ጽግዕ ፍሮማይ







# ክታበት



እዚ በራሪ ወረቐት ብዛዕባ ንፍዮ፡ጽግዕን ፍሮማይን ከምኡዉን ብዛዕባ እቲ ኤም ኤም ኣር ዝበሃል ካብዞም ሰለስቲኦም ሕማማት ዝከላኸል ክታበትን ዝገልጽ እዩ።

## ክታበት

ንኹሉን ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዘሎን ንምክልኻል ዝሕግዝ

| ኤም | ኤም | ኣር |
| --- | --- | --- |
| ንፍዮ | ጽግዕ | ፍሮማይ |

## ንፍዮ እንታይ እዩ?

ንፍዮ ብጣዕሚ ተላባዒ ብቫይረስ ዝመጽእ ሕማም ኮይኑ ብሰዓልን ምህንጣስን ይመሓላለፍ።እንድሕር ደኣ ዘይተኸተብካ ኮንካ እሞ ምስ ነዚ ሕማም ዘለዎ ሰብ ተተናኺፍካ እንድሕር ደኣ ኾንኻ፡እዚ ሕማም ናባኻ ኽሓልፍ ዘለዎ ተኽእሎ ልዑል እዩ።እንድሕር ንፍዮ ሒዙካ ብጣዕሚ ድኻም ክስመዓካን ካብ ስራሕ ይኹን ትምህርቲ ን ከባቢ 10 መዓልቲ ኩብኩረካን ይኽእል።ንሕማም ንፍዮ ድማ ሕክምና ይኹን ፈውሲ የብሉን።

ምልክታት ሕማም ንፍዮ ረስኒ፡ዕንፍሩር ከምኡዉን ዓይኒ ይቐይሕን ይቖስልን።እዚ ድማ ኣብ ገል ገለ ሰባት ከቢድ ረኽሲ ከስዕብ ይኽእል።

ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ኣብ ዝተወሰኑ ጉጅለታት ከም ስርዓት ምክልኻል ሕማማት ዝደኸሞም፡ትሕቲ ሓደ ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናትን ነብሰጾራት ኣዴታትን ዝኣመሰሉ ክስዕብ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።እዞም ሕልኽላኻት ድማ ረኽሲ እዝንን ኣፍልብን፡ምንፍርፋር፡ተቐማጥ፡ኢንሰፓ ሊቲስ(ረኽሲ ናይ ሓንጎል)ከምኡዉን ጉድኣት ኣብ ሓንጎል ከጠቓልል

ይኽእል።እዞም ሕልክላኻት ዘማዕበሉ ሰባት ድማ ሕክምና ክግበረሎም ናብ ሆስፒታል ክኣትዉ ኣለዎም።

ኣስጋኢ ድዩ? እወ, ሓደ ካብ 5000 ንፍዮ ዝሓመሙ ሰባት ናይ ሞት ተኽእሎ ክህልዎ ከሎ ካብ 2006 ጀሚሩ ኣብ ኢንግላንድን ዌልስን 3 ሰባት በዚ ሕማም ሞይቶም ኣለዎ።

# ጽግዕ እንታይ እዩ?

ጽግዕ ብቫይረስ ዝመጽእ ሕማም ኮይኑ ብሰዓል፡ምህንጣስን ምስ ሕማም ጽግዕ ዝሓዞ ሰብ ምትንኻፍን ክላባዕ ይኽእል።

ምልክታት ናይ ጽግዕ ዝበዝሐ እዋን ክሳብ ክልተ ሰሙን ዝጸንሕ ኮይኑ ረስንን ሕማም ርእስን ክጠቓልል ይኽእል፡ ግና እቲ ዝያዳ ልሙድ ምልክት ሕበጥ ኣብ ጎኒ ገጽና ዘለዉ ጽቐታት እዩ።እዚ ድማ ናይ ጊሐ ገጽ ዝመስል ሕበጥ ዘለዎ ገጽ ክህልወካ ይገብር ከምኡዉን ኣቐንዛዉን ንምዉሓጥ ኣሸጋርን ይገብሮ።

ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ናይ ጽግዕ ብርቱዕ ቃንዛ ክኸዉን ይኽእል ከምኡዉን ነድሪ ናይ ማህጸንን ፍረነብስን ከምኡዉን ኣብ ዉሱን ግዜያት ድማ ነድሪ ቆስጠ ከስዕብ ይኽእል።ብዘይካዚ ጽግዕ ብቫይረስ ዝመጽእ መኒንጃይትስን ኢንሰፕሃሊቲስ(ረኽሲ ሓንጎል)ከስዕብ ይኽእል።ዋላ እኳ ነባሪ ዝኾነ ናይ ጽመት ብዙሕ ዝረኣይ ተዘይኮነ፡1 ካብ 20 ብጽግዕ ዝተጠቕዑ ሰባት ግና ግዝያዊ ጽመት እዝኒ ከጋጥሞም ይኽእል።

ክሳብ ሕጂ ጽግዕ ንምፍዋስ ዘኽእል መድሃኒት የሎን፡ስለዚ ፍወሳ ጽግዕ ነቶም ዝተራእዩ ምልክታት ከም ዝሃድኡ ብምግባር እዩ ዝፍጸም።ሕማም ጽግዕ ምስ ዝሕዘካ ኣብ ዓራት ዕረፍትን ናይ ቃንዛ መድሃኒት ምዉሳድን ከድልየካ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።ከምኡዉን ፎኪስን ብዙሕ ምሕኛኽ ዘየድልዮ መግቢ የድልየካ ይኸዉን እዩ።ኣብዚ እዋን እዚ ዝረኣይ ዘሎ ሕማም ጽግዕ ብብዝሒ ኣብ ክልቲኡ ክታበት ኤሚ ኤም ኣር ዘይወሰዱ ነኣሽቱ መንእሰያት እዩ ዝረኣይ ዘሎ።

# ፍሮማይ እንታይ እዩ?

ፍሮማይ ብ ቫይረስ ዝመሓላልፍ ሕማም ኮይኑ ብዙሕ ግዜ ንፍዮ ጀርመን ተባሂሉ እዉን ይጽዋዕ እዩ።ሳላ ዉጽኢታዉነት ክታበት ኤምኤምኣር ፍሮማይ ኣብ ዓባይ ብርጣንያ ብዙሕ ኣይረኣይን እዩ።ከም ንፍዮን ጽግዕን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ይመሓላለፍ።ኣብ ዝበዝሐ ሰባት ማእከላይ ኩነታት ዘስዕብ ኮይኑ ብዘይ ዝኾነ ሕክምና ኣብ 7 ክሳብ 10 መዓልታት ባዕሉ ዝመሓየሽ ኣዩ።እንተኾነ ግና፡ነብሰጾር ኣደ ፍሮማይ እንተደኣ ኣማዕቢላ ነቲ ዘይተወልደ ህጻን ብጣዕሚ ሓደገኛ እዩ።

ምልክታት ናይ ፍሮማይ ዕንፍሩር፣ከም ናይ ሰዓል ዝመስል ምልክታትን ኣቀንዛዊ መለጋግቦን የጠቓልል።

ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ናይ ፍሮማይ ብዙሕ ልሙድ እኳ እንተዘይኮነ ነብሰጾር ኣደ ኣብ ግዜ ጥንሲ ፍሮማይ እንተሒዝዋ ግና ነቲ ዘይተወልደ ህጻን ብጣዕሚ ሓደገኛ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእልን እቲ ህጻን ክዉለድ ከሎ ዓጽሚ ዓይኒ(ጸገም ናይ ዓይኒ)፡ጽመት ናይ እዝኒ፡ናይ ልቢ ጸገማትን መጉዳእቲ ሓንጎልን ሒዙ ክዉለድ ክገብሮ ይኽእል።

1

## ሓንቲ ክታበት

ክታበት ኤም ኤም ኣር ሓንቲ መርፍእ ኮይና ኣብ ነኣሽቱ ቆልዑ ኣብ ሰለፎም ኣብ ዕበይ ዝበሉ ቆልዑን እኹላት ሰባትን ድማ ኣብ ቅልጽሞም ዝዉጋእ እዩ።እዚ ክታበት እዚ ህያው ክታበት እዩ እዚ ማለት ድማ ድኹማት ስሪታት ናይ ንፍዮ፡ጽግዕን ፍሮማይን ቫይረሳት ዘለዎ እዩ።
እዚኦም ድማ ሕማም ከማዕብሉ ዘይክእሉ ድኹማት ኮይኖም ሰብነትና ድማ ነዚኦም ዓይነት ቫይረስ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንምምዕባል የኽእሉ።

2

## ክልተ ክታበት

ክታበት ኤም ኤም ኣር ክልተ ክታበት ምስ ንወስድ እዩ ነዊሕ ዝጸንሕ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ክህበና ዝኽእል።እታ ቐዳመይቲ ክታበት ኣብ መበል 12 ወርሒ ናይ ዕድመና ትወሃብ ኮይና እታ ኻልኣይ ክታበት ድማ ኣብ መበል 3 ዓመትን 4 ኣዋርሕን ዕድመና ትዉሰድ፡እዚ ድማ ቕድሚ ትምህርቲ ምጅማር እዩ።ኽልቲኦም ክታበታት ምስ እንወስድ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ምክልኻል ን ንፍዮ፡ጽግዕን ፍሮማይን ይህበና።ኣብ ዕብይ ዝበሉ ቆልዑን እኹላት ሰባትን እዞም ክልተ ኽታበታት ኣብ ናይ ሓደ ወርሒ ፍልልይ ክውሰዱ ይኽእሉ እዮም።

3

## ሰለስተ ረኽስታት

ክታበት ኤም ኤም ኣር ካብዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ረኽስታት ይከላኸል; ንፍዮ፡ጽግዕን ፍሮማይን።እዚኦም ድማ ብ ቫይረስ ዝመሓላለፉ ኮይኖም ኣብ ዘይተኸትቡ ቆልዑን እኹላት ሰባትን ብጣዕሚ ተላባዒ እዩ፡ልዕሊ ኢንፉለንዛን ሰዓልን ድማ ብቀሊሉ ክላብዑ ይኽእሉ።

»

## ንነዊሕ ዝጸንሕ ምክልኻል

ክታበት ኤም ኤም ኣር እቲ ዉሑስን ዉጽኢታዉን መንገዲ ን ምኽልኻል ገዛእ ርእስኻ ካብ ንፍዮ፡ጽግዕን ፍሮማይን እዩ።እዚ ክታበት እዚ ኣብ 1988 ክወሃብ ካብ ዝጅምር ኣብ ዓባይ ብርጣንያ እዞም ኩነታት እዚኦም ብብዝሒ ኣይረኣዩን ኣለዉ። እንተኾነ ግና ቁጽሪ ነዚ ክታበት ዝወስዱ ሰባት እንዳቐነሰ ምስ ከደ ለብዓ ናይዞም ሕማማት ብፍላይ ድማ ናይ ንፍዮ ተራእዩ ነይሩ።ቕድሚ ሕጂ ነዚ ክታበት እዚ

ምዉሳድካን ዘይምዉሳድካን እንድሕር ደኣ ርግጸኛ ዘይኮንካ ን ሓኪምካ ተወከሶ፡ከምኡዉን ደጊምካ ነዚ ክታበት ምዉሳድ ዝኾነ ጉድኣት የብሉን።

# መን እዩ ነዚ ክታበት ክኽተቦ ዘለዎ?

## ነኣሽቱ ቆልዑ

ነኣሽቱ ቖልዑ ከም ኣካል ናይ ሃገራዊ መደብ ክታበት ዓባይ ብርጣንያ እዚ ክታበት ክወሃቦም ኣለዎ።. ክልተ ክታበት ድማ ክወሃቦም እዩ፥እታ ቐዳመይቲ ድሕሪ ቀዳማይ ዓመተ ልደት ክወሃብ ከሎ እታ ካልኣይቲ ክታበት ድማ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ከባቢ 3 ዓመትን 4 ወርሕን ዕድመ ምስ ገበሩ ይወሃቦም።

## ዕብይ ዝበሉ ቖልዑ,ኮተቴን ንኣሽቱ ኣባጽሕን

እንድሕር ደኣ ቅድሚ ሕጂ ክታበት ኤም ኤም ኣር ዘይተኸተብካ ወይ ሓንቲ ክታበት ጥራሕ ተኸቲብካ እታ ኻልኣይቲ ዘይተኸተብካ እንተደኣ ኮይንካ፥ነቲ ተሪፉካ ዘሎ ክታበት ንምዉዳእ ን ሓኪምካ ተወከሶ።ቐድሚ ሕጂ ንእሽቶይ ቆልዓ ኮንካ ሓንቲ ክታበት ኤም ኤም ኣር ወሲድካ እንተደኣ ነይርካ ኮንካ ሕጂ ሓንቲ መመላእታ ክታበት ጥራሕ ኢኻ ትወስድ ብዘየገድስ መዓስ ተኸቲብካ እታ ቐዳመይቲ። እንድሕር ደኣ ክልተ ክታበት ዘድልየካ እንተደኣ ኾይኑ ከኣ ኣብ ናይ ወርሒ ፍልልይ ጌርካ ክልቲኤን ክታበት ክትወስደን ትኽእል።

## ዉላድ ክወልዳ ኣብ ዝኽእላሉ ዕድመ ዘለዋ ደቀንስትዮ

ፍሮማይ ን ዘይተወልደ ቖልዓ ብጣዕሚ ሓደገኛ ረኽሲ ክኸዉን ይኽእል እዩ።ዑረት፥ምጽማም እዝኒ ከምኡዉን ሞት ከስዕብ ይኽእል።እንድሕር ደኣ ቖልዓ ክትወልድሉ ኣብ ትኽእሊ ዕድመ ዘለኺ ጓል ኣንስተይቲ ኾንኪ፥ዋላ

ቆልዓ ናይ ምዉላድ መደብ ኣይሃልወኪ ቅድሚ ምጥናስኪ 2 ክታበት ናይ ኤም ኤም ኣር ክትክተቢ ኣለኪ።ክልተ ክታበት ተዘይወሲድኪ ወይ ድማ ከም ዝወሰድኪ ርግጸኛ ክትኮኒ ተዘይኪኢልኪ ን ሓኪምኪ ኣዘራሪብኪ ነቲ ተሪፉኪ ዘሎ ክታበት ክትክተብዮ ኣሎኪ።ህያው ክታበት ስለ ዝኾነ ድማ ድሕሪ ነዚ ክታበት ምዉሳድኪ ን ሓደ ወርሒ ጥንሲ ካብ ምሓዝ ተቖጠቢ ከምኡዉን ነዚ ሓደ ወርሒ ዉሑስ ዝኾነ መከላኸሊ ጥንሲ ክትጥቐሚ ኣለኪ።

እንድሕር ደኣ ነብሰጾር ወይ ድማ ሓራስ ኮንኪ እሞ እዚ ክልተ ክታበት ኤም ኤም ኣር እዚ ምዉሳኪ ርግጸኛ ክትኮኒ ተዘይኪኢልኪን ንሓኪምኪ ወይ ን ነርስኪ ኣብቲ ድሕሪ ሕርሲ ድሕሪ 6 ሰሙን ዝግበር ቆጸራ ሓብርዮም።

## እኹላት ሰባት

ቕድሚ 1970 ኣብ ዓባይ ብርጣንያ ዝተወለዱ ሰባት ንፍዮ፡ጽግዕን ፍሮማይን ሓሚሞም ኔሮም ክኾኑ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ ወይ ድማ ቅድሚ ኤም ኤም ኣር  ኣብ 1988 ክወሃብ ምጅማሩ ዝወሃብ ዝነበረ ሓንቲ ክታበት ንፍዮ ወይ ፍሮማይ ተኸቲቦም ክኾኑ ይኽእሉ።

እንድሕር ደኣ ቅድሚ ሕጂ እዞም ሕማማት ሓሚምካ ምንባርካ ወይ እታ ክታበት ከም ዝወሰድካያ ርግጸኛ ምኳን እንተስኢንካ ንሓኪምካ እዚ ክታበት እዚ ክኸትበካ ኣዛርቦ።ክልተ ኽታበት ከድልየካ እዩ ኣብ ናይ ወርሒ ፍልልይ ድማ ይዉሰድ።ዋላ ቕድሚ ሕጂ ወሲድካዮ እንተድኣ ኔርካ ኣካላትካ ቫይረስ ስለ ዝፈልጦምን ቐልጢፉ ስለ ዝቐትሎምን ዝኾነ ጉድኣት ኣየስዕበልካን እዩ።

## ኣብ ካልእ ሃገር ተተወሊድካ ወይ ካብ ካልእ ሃገር ተመጺእኻ?

ኣብ ካልእ ሃገር ተተወሊድካ ወይ ካብ ካልእ ሃገር እንተደኣ መጺእካ ክልተ ክታበት ኤም ኤም ኣር የድልየካ ይኸዉን እዩ።ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተፈላለየ ኣገባብ ክታበት እዩ ዘለወን ከምኡዉን ኩለን ሃገራት ክልተ ክታበት ኤም ኤም ኣር ኣይጥቀማን እየን። ናይ ክታበትካ ቅዳሕ ተዘይብልካ ወይ ርግጸኛ ተዘይኮንካ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ፡ከምኡዉን ካልእ ክተብታት የድልየካ ይኸዉን እዩ ካብ ካልኦት ሕማማት ዝከላኸለልካ።

·

## ክታበት ኤም ኤም ኣር ብኸመይ እዩ ዝሰርሕ?

ክታበት ኤም ኤም ኣር ህያዉ ክታበት ኮይኑ ካብ ሕማማት ንፍዮ፡ጽግዕን ፍሮማይን ይከላኸል።ክልተ ክታበታት ኮይኖም ኣብ እግሪ ወይ ላዕለዋይ ቅልጽም ይዉግኡ። ስርዓተ ምክልኻል ናይ ሰብነትካ ድማ ነዞም ሰልሰተ ቫይረሳት ዘለልን ዝዝክርን ዋህዮታት ብምፍራይ ግብረመልሲ ይህብ።ኣብ መጻኢ ናብዞም ሕማማት እንድሕር ደኣ ተቃሊዕካ፡ እዞም ዋህዮታት ይበራበሩን ነብስኻ ድማ ብቕልጡፍ ጸረ ነብሳት የማዕብልን።እዚ ድማ ንነዊሕ እዋን ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ይህብ



## እዚ ክታበት ማዕረ ክንደይ ዉሑስ እዩ?

ንብዙሕ ዓመታት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓለም ክልቲኡ ክታበት ኤም ኤም ኣር ንቆልዑ ዉሑስ ምክልኻል ይህቦም ኣሎ።ኣብ ዓባይ ብርጣንያ፡ካብ ብ1988 ዓመተ ምህረት ዝተኣታቶ ጀሚሩ ሚልዮናት ክታበት ተዋሂቡ ኣሎ።ክታበታት ቕድሚ ኣብ ጥቕሚ ምዉዓሎም ናይ ዉሕስነት ፈተና ይግበረሎም እዩ።ዋላእኳ ገለ ገለ ጎድናዊ ሳዕቤን እንተሃለዎ፡ዝበዝሐ እዋን ግና ማእከላይን ካብቲ ሕማም ባዕሉ ዘስዕቦ ድማ ብጣዕሚ ዝሓሸን እዩ።ድሕሪ ክታበት ዝረኣዩ ከበድቲ ግብረመልሲ ኣብ ኣካላትና ክረኣይ ዘለዎ ተኽእሎ ትሑት እዩ።

ዉሕስነትን ኣድማዕነትን ናይ ኤም ኤም ኣር ክታበት ንምርግጋጽ ብዙሓት መጽናዕትታት ተኻይዶም። ዘለዉ መርትዖታት ድማ ክታበት ኤም ኤም ኣር ምስ ኦቲዝም ዋላ ሓንቲ ምትሕሓዝ ከም ዘይብሉ የረጋግጽ።

## ይሰርሕ ድዩ?

እወ፡ እዚ ክታበት ን ንፍዮ፡ጽግዕን ፍሮማይን ኣብ ምክልኻል ብጣዕሚ ዉጽኢታዊ እዩ።

ልዕሊ 99% ናይቶም ክልቲኤን ክታበት ዝወሰዱ ሰባት ን ንፍዮን ፍሮማይን ግቡእ ምክልኻል ኣለዎም፡ንምክልኻል ሕማም ጽግዕ ድማ ዋላ እኳ ትሕት ዝበለ እንተኾነ ኣብ ዝተኸትቡ ሰባት ዘጋጥም ናይዚ ሕማም ሳዕቤን ግና ኣዝዩ ዝሓሸ እዩ።

ኤም ኤም ኣር ብ1988 እዩ ኣብ ዓባይ ብርጣንያ ተኣታትዩ፡ኣብዚ እዋን ድማ ቆልዑ ነዞም ሕማማት ከማዕብሉ ብዙሕ ኣይረኣዩን እዮም።ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ለበዳ ንፍዮን ጽግዕን ተራእዩ ነይሩ።እዚ ድማ ክታበት ዝኸተቡ ቁጽሪ ሰባት ምስ ጎደለ ዝተራኣየ እዩ፡እንተኾነ ግና እዚ ለብዳ ኣብ ዝኾነ እዋን ክረኣይ ዝኽእል ስለ ዝኾነ ነብስኻ ብክልቲኦም ክታበት ኤም ኤም ኣር ግቡእ ምክልኻል ረኺቡ ከም ዘሎ ኣረጋግጽ።

## ጎድናዊ ሳዕቤን ናይዚ ክታበት እንታይ እዩ?

ኩሉ ዝተኸተበ ሰብ ጎድናዊ ሳዕቤን የርእይ ማለት ኣይኮነን።ግቡእ ምክልኻል ንምሃብ፡እቲ ክታበት ነዞም 3 ክንከላኸሎም ደሊና ዘለና ረኽስታት ኣብ ሰብነትና ከም ዝፍጠሩ ይገብር።ኣብ ገለ ገለ ሰባት ድማ ዕንፍሩር ዝመስል ፎኪስ ዓይነት ንፍዮ፡ሕበጥ ኣብ ገጽ(ጽግዕ ዝመስል) ከምኡዉን ቃንዛ ኣብ መለጋገቦ ናይ ፍሮማይ ዝመስል ክረኣይ ይኽእል።እዞም ጎድናዊ ሳዕቤን ኣብ ዉሑዳት ሰባት ድሕሪ እታ ቀዳመይቲ ክታበት ይረኣይ።

ዝበዝሕ እዋን ጎድናዊ ሳዕቤን ናይቲ ናይ ንፍዮ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣብ ከባቢ 6-10 መዓልታት ድሕሪ ክታበት ምዉሳድካ እቲ ክታበት ስርሑ ምስ ጀመረ እዩ ዝረኣይ።ሕበጥ ናይ ገጽ ወይ ቃንዛ መለጋገቦ ኣብ ከባቢ 2-3 ሰሙን ድሕሪ ክታበት እቶም ናይ ፍሮማይን ጽግዕን ክፋል ናይቲ ክታበት ክሰርሕ ምስ ጀመረ እዩ ዝረኣይ።

ጎድናዊ ሳዕቤን ከም ዕንፍሩር፡ሕበጥ ክሳድ ን2-3 መዓልታት ጥራሕ ዝጸንሕን ዘይላባዕን እዩ።
እዚ ማለት ድማ እዞም ምልክታት ናይ ጎድናዊ ሳዕቤን ኣብ ሰብነትካ ምስ ዝረኣዩ ናብ ካልእ ሰብ ከመሓላለፉ ኣይክእሉን እዮም።

ኣብ ዉሱን ኣጋጣሚታት፡ቀይሕ ወይ ሊላ ሕብሪ ዘለዎ ነድሪ ዝመስል ዕንፍሩር ድሕሪ ክታበት ክሳብ 6 ሰሙን ክረኣይ ይኽእል እዩ።

## ንምንታይ ኣነ ወይ ደቀይን ነዚ ክታበት ንኽተቦ?

ኑብስኻ ካብዞም 3 ተላባዕቲ ሕማማት ንምክልኻል ነዚ ክታበት ክትክተቦ ኣለካ።ነዚ ክታበት ብምኽታብካ ድማ ንኻልእ ክኽተቡ ዘይከኣሉ ሰባት እዉን ክትከላኸለሎም ከኽእለካ እዩ።እዚኣቶም ድማ ዘይተወልዱ ቆልዑ፡ነዚ ክታበት ክወስድዎ ግዜኦም ዘይኣኸለ ንኣሽቱ ዕሸላት ከምኡዉን ድኹም ስርዓተ ምክልኻል ዘለዎም ዓበይትን ንኣሽቱን ሰባት እዮም።እዚ ድማ ለበዓ ናይዚ ሕማማት ከየጋጥም ይሕግዝ።

እንድሕር ደኣ ምስ ንኣሽቱ ቆልዑ ትሰርሕ ኮይንካ ወይ ድማ ኣብ ምእላይ ናይ ካልኦት ሰባት ትሳተፍ እንተኾይንካ እዉን ነዚ ክታበት ክትወስድ ኣለካ።



ንፍዮ ናብ ክታበት ኤም ኤም ኣር ክወስዱ ዘይክእሉ ህጻናትን ወይ ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም ሰባት ምስ ዝመሓላለፍ ብጣዕሚ ከቢድ ጥዕናዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ።
ከም መጠንቀቕታ፡ደቀንስትዮ ክሳብ ሓደ ወርሒ ድሕሪ ክታበት ኤም ኤም ኣር ጥንሲ ንኸይሕዛ ክጥንቀቓ ኣለወን።

## ክታበት ኤምኤምኣር ገላቲን ኣለዎዶ?

ኣብ ዓባይ ብርጣንያ፡ክልተ ብጣዕሚ ዉጺኢታዉያን ክታበት ኤም ኤም ኣር ኣለዉ።ሓዲኦም ካብ ፕሮቲን ናይ ሓሰማ ዝርከብ ገላቲን ዝበሃል ንጥረ ነገር ክህልዎ ከሎ እቲ ሓደ ከኣ ዘይብሉ እዩ። እንድሕር ደኣ እቲ ገላቲን ዘይብሉ ክታበት ክትወስድ ደሊኻ ን ነርስካ ወይ ን ሓኪምካ ተወከሶም።

እንድሕር ደኣ ንፍዮ፡ጽግዕ ወይ ፍሮማይ ሓሚመ ይኸዉን እየ ኢልካ ትሓስብ እንተድኣ ሃሊኻ፡ናብ ካልኦት ሰባት ንኸይመሓላለፍ ምጥንቃቕ ኣገዳሲ ኢዩ።ክትገብሮ ዘለካ ድማ፡

- ምኽሪ ንምርካብ ን ሓኪምካ ደዉለሉ፡ምናልባት ኣብ መወዳእታ ሰዓታት ናይቲ መዓልቲ ናብቲ ሕክምና ከም ትመጾ ክገብር ይኽእል እዩ።እዚ ድማ ዝያዳ ተነቀፍቲ ዝኾኑ ሰባት ከም ነኣሽቱ ቖልዑን ነብሰ ጾራትን ተሓከምቲ ምትንኻፍ ከይፍጠርን እዚ ሕማም ከይሓልፎምን እዩ።
- እቲ ምልክታት ከተማዕብል ካብ ዝጀመርካሉ ግዜ ጀሚርካ ካብ ስራሕ ይኹን ትምህርቲ ብዉሑዱ ን 4 መዓልትታት ኣቋርጽ።
- ካብቲ ሕማም ምስ ሓወኻ ነቲ ተሪፉካ ዘሎ ክታበታት ክትወስድ ምድላዋት ግበር፡እዚ ድማ ካብቲ ተሪፉ ዘሎ ክልተ ሕማማት ክከላኸለልካ እዩ።

## ንክታበት ኤምኤምኣር ክኽተብዎ ዘይብሎም ሰባት ኣለዉ ዶ?

ክታበት ኤም ኤም ኣር ህያዉ ክታበት ስለ ዝኾነ ንነብሰ ጾራት ኣደታትን ስርዓተ ምክልኻል ሰብነቶም ዝደኸመን ሰባት ንኣብነት ኣንጉዕ ዓጽሚ ዝተተኽሎም ሰባት ወይ ስርዓተ ምክልኻል ሰብነት ዝቕንስ መድሃኒት ዝወስዱ ዘለዉ ሰባትን ክወሃብ የብሉን።

ርግጸኛ ተዘይኮንካ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።ሰብነትካ ኔኦምይሲን ዝበሃል መድሃኒት ምስ ትጥቀም ኣናፊላክቲክ ዝበሃል ኣለርጂ ከም እተማዕብል እንድሕር ደኣ ተረጋጊጹልካ ነዚ ክታበት ክትክተብ የብልካን።ሰብነትካ ገላቲን ምስ ትወስድ ኣናፊላክቲክ ዝበሃል ኣለርጂ ከም እተማዕብል እንድሕር ደኣ ተረጋጊጹልካ ምስ ሓኪምካ ተዘራሪብካ ካብ ገላቲን ነጻ ዝኾነ ክታበት ተኸተብ።

### ናይ እንቋቑሖ ኣለርጂ

ኩሎም ኣለርጂ ናይ እንቋቑሖ ዘለዎም ሰባትን ኣዝማ ዘለዎም ቆልዑን ነዚ ኤም ኤም ኣር ክታበት ኣብቲ ናይ ጂፒ ሕክምናካ ክኽተብዎ ይከኣል እዩ።ዝኾነ መረጋገጺ ናይ ኣናፎላክቲክ ኣለርጂ ን ኤም ኤም ኣር ክታበት ዘለዎ ሰብ ምስ ዝኸዉን ድማ ብናይ ኣለርጅይ ሓኪም ክምርመር ኣለዎ።

# ኢቶም ምልክታት እንታይ እዮም?

| ንፍዮ | ጽግዕ | ፍሮማይ |
|---|---|---|
| ረስኒ፡ ናይ ሰዓል ምልክታት፡ዕንፍሩ ር፡ዝቖሰለ ወይ ዝቖየሐ ዓይኒ | ረስኒ፡ሕማም ርእሲን ዝሓበጡ ጽቕታት ኣብ ገጽን | ዝሓበጡ ጽክታት፡ቃንዛ ጎሮሮ፡ረስኒን ዕንፍሩርን |

## ከቢድ ነገር ድዩ?

| እወ | እወ | እወ |
|---|---|---|
| 1 ካብ 5 ሕሙማት ናብ ሆስፒታል ይኸዱ፡ 1 ካብ 15 ድማ ከቢድ ጥዕናዊ ሕልኽላኻት የስዕበሎም።<br><br>ንፍዮ ጽመት እዝኒ፡ምንፍርፋር፡መጉዳእቲ ሓንጎል፡ሕበጥ ናይ ሓንጎል ከስዕብ ይኽእል።ኣብ ዓባይ ብርጣንያ ካብ 2006 ጀሚሩ 3 ሞት ብሰንኪ ንፍዮ ተራእዩ ኣሎ። | ዋላእኮ ዝበዝሑ ምልክታት ማእከላይ እንተኾኑ፡ጽግዕ ከም ተላባዒ መኒንጃይትስን ሕበጥ/ነድሪ ናይ ማህጸን ፍረ ነብስን ኣብ ዉሑድ ኣጋጣሚታት ድማ ናይ ቖሰጠ ከስዕብ ይኽእል እዩ። | ዋላ እኮ ማእከላይ ምልክታት እንተለዎ፤ሕማም ፍሮማይ ኣብ ግዜ ጥንሲ ምስ ዘጋጥም ነቲ ዘይተወልደ ህጻን ሳዕቤኑ ከቢድ ኮይኑ ከም ጽመት እዝኒ፡ዑረት ከምኡዉን ሞት ከስዕብ የኽእል። |

## መን እዩ ነዞም ክታበት ክኽተቦም ዘለዎ?

- ኩሎም ልዕሊ 1 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ 2 ክታበት ክወስዱ ኣለዎ፡እቲ ቀዳማይ ክታበት ኣብ ሓደ ዓመቱ ክዉሰድ ዘለዎ ኾይኑ እቲ ኻልኣይ ክታበት ድማ ኣብ መበል ሰልሰተ ዓመትን ኣርባዕተ ወርሕን ይዉሰድ።
- ዕበይ ዝበሉ ቆልዑን እኹላት ሰባትን ክልተ ክታበት ክወስዱ ዘለዎም ኮይኖም ኣብ ናይ ሓደ ወርሒ ፍልልይ ድማ ይወስድዎ።
- ነብሰጾር ኣደታት ቅድሚ ጥንሲ ምሓዘን ከም ዝተኸተባ ከረጋግጻ ኣለወን ወይ ድማ ድሕሪ ሕርሲ ኣብ ሓጺር ግዜ ክኽተባ ኣለወን።

**ክልቲኤን ክታበት ሓሊፉኒ እዩ ክይበልካ ንምኽታበን ኩሉ ግዜ ይከኣል**

## እዚ ክታበት ኣበይ ክረኽበ ይኽእል?

### ኣብ ናይ ጂፒ ሕክምናኻ

- ኩሎም ካብ ሓደ ዓመት ክሳብ ሰልስተ ዓመትን ኣርባዕተ ወርሕን ዝዕድሚኦም ቆልዑ ከም ኣካል ናይቲ ስሩዕ ክታበታቶም ኣብ ጂፒ ሕክምና ክወሃቦም ኣለዎ።
- ዕበይ ዝበሉ ቆልዑን እኹላት ሰባትን ሓንቲ ክታበት ጥራሕ ተኸቲቦም እንተደኣ ኾይኖም ወይ ምንም ዘይተኸትቡ እንተደኣ ኾይኖም ን ጂፒ ሕክምንኦም ክዘራርብዎም ኣለዎም።
- ክልተ ክታበት ዘይወሰደት ነብሰጾር ኣደ ድሕሪ ሕርሳ ኣብ ናይ ጂፒ ሕክምና ነዚ ክታበት ክትወስዶም ኣለዋ።

### ኣብ ትምህርቲ

ገለ ገለ ኮተቲን ንኣሽቱ መንእሰያትን ዝሓለፎም ናይ ኤም ኤም ኣር ክታበት ምስቶም ካልኦት ቖልዑ ክወሃቦም ይኽእል።

### ኣብ ናይ ኣስራሒኻ ናይ ስራሕ ኣገልግሎት ጥዕና

ናይ ኣገልግሎት ጥዕና ሰራሕተኛታት ቀጥታዊ ርክብ ምስ ሕሙማት ዘለዎም ምስ ዝኾኑ ክታበት ናይዞም 3 ሕማማት ከም ዝተኸትቡ ርግጸኛታት ክኾኑ ኣለዎም።

ንፍዮ፡ ንቖልዑ ጥራሕ
ዝምልከት ጸገም
ኣይኮነን

ብዛዕባ ክታበት ኤም ኤም ኣር ዝያዳ ሓበሬታ እንድሕር ደኣ ደሊካ ኣብዚ ዝስዕብ ወብሳይት ተወከስ
www.nhs.uk/conditions/vaccinations/pages/mmr-vaccine.aspx

© ክራዉን መሰል ሕትመት 2022
3219250 2p 75K MAR 2020 (APS)

ቀዳማይ ሕታም ሰነ 2016

ጽሑፍ ናይዚ ወረቐት ብዘይ ብዘይ ፍቃድ ወይ ክፍሊት ን ዘቤታዊ መዓላ ክባዛሕ ይኽእል እዩ

እንድሕር ደኣ ካልእ ቅዳሕ ናይዚ ወረቐት ደሊኻ ኣብዚ ዝስዕብ ወብሳይት ተወከስ
www.healthpublications.gov.uk/Home.html ኮድ ናይ
ፍርያት: 3219250 ወይ ቴሌፎን: 0300 123 1002,
ሚኒኮም: 0300 123 1003 (8aቅቐ ክሳብ 6ድቐ, ሶኒ ክሳብ ዓርቢ)

www.nhs.uk/vaccinations